# ERITREA

## እታ ነዋሕ ለይቲ ከመይ ሓሊፋ

## كيف مضى الليل مقبل الفجر الطويل

*ካብ ማህደር ታሪኽ ህዝባዊ ግንባር 4ይ ክፉል።*



# DAWN AFTER A LONG NIGHT

Edited by EPLF - Department of Information - June 1989

**_ውድቀት ወፍሪ ቀይሕ ኮኾም። ( Fall of the Red Star Operation)_** *: ወፍሪ ቀይሕ ኮኾብ ካብቶም ሓደ ዓበይቲ ወራራት ኮይኑ ፍሉይ ዕጥቅን ሓያል ምድላዋት ዝገበረ፡ ደርግ ኣዝዩ ዝተኣማመነሉ ሰራዊት ነይሩ። ፍጹም ህንደዳ ዘለዎ ዘይድፈር ዝመስል ኮይኑዩ መጺኡ። እንተኾነ ግን " ዕዳጋ ከም ዝጸንሓ እምበር ኣደኻ ከም ዝላአኸትኻ ኣይኮነን" ከምዝብሃል፡ ንቐይሕ ኮኾም ሰውራ ኤርትራ ከምቲ መራሕቱ ዝበሉዎ ዘይኮነንስ ከምቲ ክውንነት ዝፈጠሮ እዩ ጸኒሑዎ። ቀይሕ ኮኾም ቀይሕ ንሻን ዓወት ክሰቅል ዝሓሰቦ፡ ቀይሕ ደሙ ንኾንቱ ኣፍሲሱ። እቲ ውግእ ቀሲል ከምዘይነበረ ኩሉ ሰብ ዝፈልጦ ኮይኑ፡ ህዝባዊ ግንባር በቲ ዘለዎ ትሑት ትሕዝቶ ድሕሪ ነዊሕ ምርብራብ ንበረት ደርጊ ንበረቱ ገሩዎ። ወዮ ተሃንዲዱ ዝመጸ ቀይሕ ኮኾብ ሓመድ ድፋጭኡ ሊሒሱ መግቢ ኣሞራ ሰማይ ኮነ። ቁጽሪ ሙሩኻት ንዓለም ኣስደመመ።*




*መንግስቱ ሃይለማሪያም ኣብ **ኣልገና ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል** ንወተሃደራቱ " ኣብ ዝገበሮ መደረ፡ ኣብ ልዕሊ ወንበደታት ናይ **ዓሰርተ ንሓደ ጸብለልትነት ኣሎና** ክንድምስሶም ኢና " ኢሉ ዘይገሃድ ሕልሚ ከስንቖም ከሎ ብሰራዊቱ ዝተሳዕለ ስእሊ። **ኣብዚ መንግስቱ ዝተዛረቦ ሓደ ሓቂ ኣሎ። ተጋዳላይ ህ.ግ. ሓደ ንዓሰርተ ከም ዝመከተ።***


*ህባዊ ግንባር ነዚ ውግእ ክገጥም ከሎ በቲ ካብ ቕድሚኡ ዝተገብሩ ውግኣት ዝሰለቦ (ዝማረኾ) መሳሪያ ገሩ እዩ ንቀይሕ ኮኾብ ቀይሕ ደሙ ዘፍሰሶ። ተጋደልት ነቲ ካብ ባዶ ተበጊሶም ዝመሃዝዎ ጸረ መርዛም ጋዝ ሓጊዝዎም ጥራሕ ዘይኮነ፡ ህዝባዊ ግንባር ሓያል ምኳኑ ደርግ ዝኣመነሉ ውግእ ነይሩ።*

*ህ.ግ. እንታይ ዓጢቑ እዩ ንቀይሕ ኮኾም ዝቕተል ቀቲሉ፣ ዝማረኸ ማሪኹ ንበረት ደርጊ ንበረት ውድብ ክገብሮ ዝኸኣለ? ሕጂውን እቲ መልሲ ተወፋይነት እዩ።*





# ቤት ትምህርቲ ሰውራ፥



ምዝላቕ ምድራት ትምህርታዊ ኣገልግሎት ኣስዒቡ ነይሩ። ኣብ ከተማታት ዝነበራ ኣብያተ ትምህርቲ ተዓጽየን። ጸላኢ ኣብ 1979 ብባሕሪ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ምስ ወረደ ተመሃሮ ቤ/ትምህርቲ ሰውራ፡ ነፈርቲ ብልዕሊኦም እናዘንበያን እናደብደባን ጥራይ ዘይኮነ፡ ሰደቓታቶምን ሰሌዳታቶምን ተሰኪሞም ግዒዞም። ምስ ምሕምሻሽ ወራራት ጸላኢ፡ ኣገልግሎት ትምህርቲ እንደገና ክሰፋሕፍሕ ጀሚሩ። ኣብ ሚያዝያ 1983፡ ህዝባዊ ግንባር ሃገር-ለኸ ወፍሪ ምጥፋእ መሃይምነት ጀሚሩ። ኣብ 1988፡ ቤ/ትምህርቲ ሰውራ ዓስራይ ዓመት ምምስራቱ ብክብ ዝበለ ድምቀት ኣብዒሉ። ሎሚ 25ሽሕ ቆልዑ ኣብ 150 ኣብያተ-ትምህርቲ ይመሃሩ ኣለው።

ادى الانسحاب الاستراتيجي الى تحجيم الخدمات التعليمية ، حيث اغلقت المدارس التي كانت في المدن . وعندما نزل جيش العدو الى منطقة شمال شرق الساحل في عام ١٩٧٩ عن طريق البحر اغلقت مدرسة الثورة أبوابها وكان على طلابها الرحيل ليس حاملين كراساتهم وحسب وانما ايضا السبورات والادراج تحت قصف وتحليق الطائرات الحربية من فوقهم . بعد تحطيم حملات العدو وبدأت خدمات التعليم تتوسع من جديد . وفي ابريل ١٩٨٣ بدأت الجبهة الشعبية حملة واسعة لمحو الامية شملت جميع انحاء الوطن . وفي عام ١٩٨٧ احتفلت مدرسة الثورة المركزية بالذكرى السنوية العاشرة لتأسيسها . يوجد اليوم ٢٥ ألف طفل يتعلمون في ١٥٠ مدرسة .

The strategic retreat entailed curtailment of our educational services. The schools in the evacuated towns were closed down. At the time the enemy troops landed in north-eastern Sahel from the sea, students of the 'Zero School' had to move out carrying desks and black boards on their backs, while fighter planes strafed them from the air.

With the defeat of the Dergue's offensives, the then suspended educational activities once again started to sprout. In April 1983, the EPLF launched a nation-wide literacy campaign. In 1987, the 'Zero School' staged a memorable celebration of its tenth anniversary. Today a total of 25 thousand children are enrolled in 150 schools.




እዛ ንርእያ ዘለና ኣብ 1988 ኣብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ናይ ዝነበሩ ብዝሒ ተማሃሮን ኩነታት መነባብሩኦምን ትገልጽ። 1988 እቲ ጽንኩር ኩነታት ዝነበረሉ'ዩ። ተጋደልቲ ዘዝመጾ ወራራት ዝምክትሉ ዝነበሩ ሓደ ሓያል መድረኽ ከም ዝነበረ ኩልና ንፈልጦ እዩ። ህ.ግ. ከመይ ገሩ እዩ ን25ሽሕ ተምሃሮ የነባብሮም ነይሩ? እዚ ዓቢ ሚስጢር ንምፍላጡ ዘጸግም እዩ። ጽሕፍቲ ኣግሊሒኩም ኣንብቡዋ። ናይ ሽዑ ኩነታት ትገልጽ።


ኣብ 1988 ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዓስራይ (10ይ) ዓመት ምምስራታ ኣብዒላ። እዛ ስእሊ ንኽብሪ እቲ በዓል ትውላዕ ዘላ ሽግ እያ። ትምህርቲ ንዓበይቲውን ኣብ ኩሉ ሓራ ዝነበረ ዓድታትን ኣብ ትሕቲ ጽላል። ህ.ግ. ዝነበሩን ይወሃብ ነሩ። ህ.ግ. ዝነበሮ ፍልስፍና ኩሉ ኤርትራዊ ክመሃርን ክነቅሕን ዝብል እዩ ነይሩ። እቲ ትምህርቲ ኣብ ኣከደሚያዊ ጥራሕ ኣይተወሰነን። ኢዱ ጥበባዊ ዘማልኤ ነይሩ።













ደቅና ብረት ከየልዕሉ ኢና ንቃለስ ዘሎና። ሰውራ ኤርትርው ነቲ ዝመጽእ ወሎዶ እዩ ተሰዊኡ። ቀሲኑ ብሰላምን ብልጽግናን ማዕረ እተን ዝማዕበላ ሃገራት መታን ክሪዑ ክነብር። መንግስቲ ኤርትራ (ህ.ግ) ነዚ መብጽዓ ከተግበር ክሳብ ሕጂ ነቶም ዘጋጥምዎ ዘሎዉ ተጻብኦታት እናበደሀ፡ ቀዳምነት ኣብ ህጻናትን መንእሰያትን ኣተኩሩ ዝሰርሕ ዘሎ። ሕጂውን ኣብዚ ኣጸቢቕና ከነተኩረሉ ዝግባእ፣ ዲሞክራሲ ንሀ.ግ. (መንግስቲ ኤርትራ) ደርፊ ኣይኮነን፣ ንመሸቀጢ ኣይጥቀመሉን እዩ። ሕጂ ኣይኮነን ጀሚሩዎ። ኣብ ጽሑፍ ዝተርፍ ኣይኮነን። ድሞክራሲ ኣብ ኤርትራ ተግባር እዩ። ዝርኤ ዝጭበጥ። ኤርትራ ብኤርትራዊ ዲሞክራሲ፡ ክውንነት ሃገርን ህዝብን ዝሕሉ ድኣምበር ናይ ምዕራባውያን ተለቂሕካ ንስለ ስም ዲሞክራሲ ኣሎኒ ዝብል እምነት ቅቡል ኣይኮነን ።

## 1984 ምድምሳስ እዚ " ውቃው "

ኣብ 1984 ፡ ሰውራ ኤርትራ ኣብ ሓድሽ መድረኽ ኣትዩ ። ምዝላቕን ተጻረ ምክልኻልን ኣብቲው፡ መድረኽ ምስግጋር ናብ ጸረ-መጥቃዕቲ ተኸፊቱ። ኣብ ጥሪ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ብኽብ ዝበለ ሓይሊ ካብ ዕርድታቱ ወጺኡ፡ ንከተማ ተሰነይ ሓራ ኣውጺኡ። ኣብ መጋቢት፡ ን"ውቃው" ወቒዑ፡ ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ብምፍራስ፡ ኣብ ክልተ መዓልቲ 7000 ትርቢዒት ኪሎ ሜትር መሬት ሓራ ኣውጺኡ ክሳብ ገማግም ባሕሪ በጺሑ። ንህ.ግ. ኣብ ባሕሪ ክጥሉ ዝፈክረ ሰራዊት ጸላኢ ንንብሱ ኣብ ባሕሪ ጠሊቑ።

في عام ١٩٨٤ انتقلت الثورة الارترية الى مرحلة جديدة • حيث اختتمت مرحلة الانسحاب ووضع الحالة الدفاعية المتواصل • لقد فتح الباب على مصراعيه امام الانتقال الى مرحلة الهجوم المضاد • في يناير ١٩٨٤ انتقلت وحدات كبيرة من الجيش الشعبي من تحصيناتها وقامت بتحرير مدينة تسني • في مارس من نفس العام هاجم الجيش الشعبي جبهة " وقاو " ( جبهة شمال شرق الساحل ) ودمرها تماما خلال يومين فقط وبذلك تمكن من تحرير ٧٠٠٠ كيلومتر مربع ووصل الى شواطئ البحر الاحمر حيث اغرق فيه الجيش الاثيوبي الذى كان يتوعد برمي الجبهة الشعبية في امواجه •

In 1984, the Eritrean struggle entered a new phase. By this time, retreat and defensive engagements were over; and this signaled the emergence of the transition period where successive measures of counter-offensive were staged. In January of this year, the EPLF liberated the town of Tessenei in western Eritrea. Two months later, the north-eastern Sahel Front was smashed and Ethiopian troops were forced to retreat towards the sea. In the two-day battle, 7000 sq.Kms. of territory was thus liberated. The Dergue, which in several previous occasions had arrogantly stated that it will drive the Eritreans to the sea, saw for itself the annihilation of two of its divisions on the Red Sea coast.

*ዝመጸ ይምጻእ ወራሪ ኣብ ባርዕ ሰውራ ሓራሪ።* *ውቃው እንተኾነውን ካብዚ ቢሂልዚ ኣይወጸን። ኣብ ግንባር ሰመናዊ ምብራቕ ሳሕል እናተደሰቐን እናሃደመን ኣብ ገማግም ባህሪ በጽሔ። መገላበጢ ስለ ዘይነበሮ ወዮ ንህ.ግ. ከጥሕል ዝሓሰበ ንርእሱ ጢሒሉ ተረፈ። ደርጊ ዕምሪ ስልጣኑ እናሓጸረ ይኸይድ ከምዝነበረ ከየስተውዓለ ኣይተረፈን። ዓሰርተ ጦር ሰራዊት ንሓደ ተጋዳላይ ዝበሎ፡ ሓደ ተጋዳላይ ንዕስራ ጦርሰራዊት ደምሲሱ ምዕዋቱ ንስልጣን ደርጊ ራዕዲ ኣሕደረሉ።*

*ተሰነይ - 15 ጥሪ 1984 ።* *ምድረ በዳ ሰመናዊ ምብራቕ ሳሕል ።*

ተሰነይ - 15 ጥሪ 1984።

تسني – ١٥ يناير ١٩٨٤

Tessenei; January 15, 1984.



ጸማሒ ምድረ-በዳዊ ጐላጉል ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል።


سهول شمال شرق الساحل الصحراوية

The arid planes of north-western Sahel.




*ደርጊ ንሓይሊ ህ.ግ. መቓቚሉ ከዳኽም ብምዕራብን ሰሜናዊ ሳሕል፡ ኣእላፍ ሰራዊትን ከበቲ ኣጽዋርን ኣኽቲቱ ሰውራ*

*ከጭፍልቕ ወፍርታትቱ ጀመረ። እዚ ዘይበሃል ፈከራን ዳንከራ ለይትን ማዓልትን ብፈነወ ራዲዮታት ኣእዛን ህዝቢ ኣጽመመ። ፈኸራ ደርግ ንህ.ግ. ሓድሽ ኣይነበረን። እዚ ንህ.ግ ዓቢ ጥቅሚ ነይሩዎ ። ብዝሕን ዕጥቅን ደርግ ኣብ ምምዛን፡ በየናይ መኣዝን ውግእ ከምዝኸፍትን። ንደርግ ግን ምንቅስቓ ህ.ግ. ዝፈልጠሉ ዓቕሚ ወይ ኣፋፍኖት ኣይነበሮን። እቲ ዱኹም ሓበሬታ ብኸደዓት (ዎዶ ገባ) መልሻ ስርናይን ዝረኽቦ ዝነበረ ምርኩስ ብምግባርዩ ኲናት ዝኸፍት ነይሩ። ደርግ ተራ ሓፋሽ ንሰውርኡ ዋላኚ ይፈልጦ ነሩ እንተተባህለ፣ ህዝቢ ኣጽኒትካ ሰውራ ንምጽናት እንተፈተነ፣ ንቃልኪዳን ህ.ግን ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራን ክበትኮ ኣይካኣለን። ተሳትፎ ሓፋሽ ኩሉ ግዜ ብኹርዓት እነዘንትወሉ ታሪኽ እዩ። እቲ ጭርሖ ዓወት ንሓፋሽ እዩ ዝብል።*



*እቲ ጥምጥም ቀሊል ከምዘይነበረ ብሩህ እዩ። እቲ ዓወት ጀጋኑ ሂብካ ጥራሕ ስለ ዝርከብ፡ ዋላኚ ደርጊ መልሓሱ እንተነኸሰ ሬሳታቱ ኣብ ፈቕዶ ኩርባታትን ጎላጉልን ባሕርን (ቀላይ) እንተተዛሕዝሑ (ከምዛ ኣብዛ የማነይቲ ስእሊ ሰፊሩ ዘሎ) ነቲ ወራር ብኹሉ ኩርንዓት ካብ ምፍታን ዓዲ እይወዓለን። እዚ ህያው ታሪኽ ሰውራን ህዝብን ኤርትራ ስለ ዝኾነ በብዓቕምና ብኣወንታዊ ኣገባብ ከነዘትዎ ኣብ ኣእሙሮ ደቕና ከነሕድሮን ግደታዊ ሃላፍነት ኣሎና።*

## *ማርሳ ተኽላይ 21 መጋቢት 1984።*




*ደርግ ብምንታይ ዘይፈተነ። ብመሬት፡ ብኣየር፡ ብባሕሪ ብኹሉ ሓይሉ ኣዋፈሩ። ንተጋዳልይን ህዝብን ወንቤደ ዝብል ስም ኣጠሚቑ ንበረት ክዘምት ፡ዓድታት ከንድድ፡ ገባር ክርሽ፡ ሰርሒ ኢሉ ተተሓሒዝዎ። እቲ ዝረኽቦ ዝነበረ መልሲ ግን እዛ ብየማን ዘላ ስእሊ እኽልቲ መልሲ ነሩ።*

***መሩኻት ወተሃደር ደርግ፡***



*ህ.ግ. ነቶም ከጥፍኡዎ ዝመጹ እሞ ዝተማረኹ ወተሃደራት ደርግ፡  ብዓለም ለኻዊ ሕጊ መሩኻት ኲናት ዘፍቅዶ መሰረት፡ ከም ናይ ውግእ መሩኻት ድኣንበር ከም እሱራት ገሩ ሒዞዎም ኣይፈልትን። ብነጻ ለቒቑ ፡ብዝመረጹዎን ኣብ ዝደለዩዎ ቦታ ብውሑስ መንገዲ ካብ ዘይብሉ ዓቕሙ ብዘፍቀደሉ መፋነዊ ሂቡ የፋኑዎም ከም ዝነበረ ታሪኽ ዝምስክሮን ባዓላቶም ዝተዛረቡሉን እዩ። እዚ እንታይ የርእየና ህ.ግ. ** ክሳብ ክንደይ ጥንቁቕን ጽፉፍን ፍትሓዊ ግንባር ምኧኑ**። ብኣንጻሩ ደርግ ንዝሓዞም ተጋደልን ኣበሳ ዘይብሎም ሓፋሽ ህዝብን ይርሽን ነይሩ።  “”ኣብዚ ሕጂ ብናጽነትና ከቢርናሉ ንነብር ዘሎና ግዜ ኮራኲር ወያነ ካብ መንግስቲ ህ.ግ.ደ.ፍ. ደርጊ ምሓሸና ኢሎም ዝመጻደቑ “” ምርካቦም ዘገርም እዩ። እታ ደቓ ዘወፈየት ማህጸን ነዚ ክትሰምዕ ከላ እንታይ ኮን ትብል”” ትህሉ።*

***መተሓሳሰቢ፡ ዓላማ ናይዚ ጽሑፍ ነዞም በሸሓት ቃላት ክግለጹ ዘይክእሉ ሰነድ ስእልታት ኣብቲ እዋንቲ ዝተሳዕሉ ሒዞም ዘለዉ ታሪኽ ቃልሲ ንምብርባር  ዝእክል ምኧኑ ደጋጊመ ከተሓሳስብ እፈቱ።   ነብሲ ወከፍ ኣንባባይ ምስጢር ቃልስናን ዓወትናን ከመይ ከም ዝነበረ ኣብ ደቕና  ከነዘንትዎ ይሕግዝ። ብዓቢኡ መንእሰያትና ኣብ ልዕሊቲ ዝምክትዎ ዘለዉ ሓያል ቃልሲ እዚ ህዝያው፡ ሰነድ ነዞም ሃገር ክሸጡ ሕኽ ዝብሉ  ሃሱሳት ኣብ ምፍሻሎም ህያው ምስክር ክኾናም ስለ ዝኽእል።***

***”ታሪኽ ካብ ማህደር ህ.ግ. 5ይ ክፋል ኣብ ዝቕጽል”’***

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና፡
ዓወት ንሓፋሽ፡
ገብረንጉስ መስመር።